Ass. of Disabled Eritreans | Ass. Erythréenne d'Invalides
ADE | A.E.I.

# ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣዳለውቲ ድራርን
ዝኸበርኩም ዕዱማት ዋሺንግተን ዲሲን ፊላደልፊያን ደለውየርን።

ኣቐዲመ ብስመይን ብስም ኣባላት ኣብ ምሉእ ዓለም እትርከቡ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ ጽጉማንን ፤ ኲይኑ ናይ ክብሪ ሰላምታይ ይብጻሕኩም።

በዚ ሎሚ ናይ ድራር ምሸት ናይ ጀጋኑ ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ምኽንያት ብምግባር ዘዳለኽምዎ ቅዱስን ሰናይን ተግባር ጥራይ ዘይኮነስ፤ በቲ ንሓያለ ሰሙናት ከተካይድዎ ዝጸናሕኩምን ዘሎኹምን ጐሸጓሽ፤ ካባና ካብ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ ጽጉማትን ይኹን ካብ ካልእ ሸነኻት ተወኪልኩም እትፍጽምዎ ዘለኹም ምንቅስቓሳት ከምዘይኮነ እንዳጠቐስና፤ እዚ ሃገራዊ መደብ እዚ ብምጅማርኩም ፤ ምስጋና ከም ወሓዚ ማይ ቀጻልን ነባርን ከምዝኾነ ክንገልጸልኩም ንፈቱ። እዚ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ተግባር ከኣ ከቶ ነጻፊ ኣይኰውንን ኢዩ።

እዚ ዕሽል ዝኾነ ማሕበርና ኣብ ኤውሮጳ ጥራይ ተሓጺሩ ከይተርፍ፡ ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ብኽልተ እግሩ ጠጠው ከም ዝብል ትገብርዎ ዘሎኹም ጸዓት ፡ ተገንዚብናዮ ስለ ዘሎና ብድጋሜ ክነስምረሉ ንፈቱ። ነዚ ንውጉኣት ሓርነት እትገብርዎ ዘሎኹም ጽዑቕ ገሸጓሽ ብርሑሩሕ ሕልናኹምን
ሰናይ ተበግሶኹምን ደጊምና እንዳኣመስገና፡ ፤ ፍሉይ መቐረትን ላዛን ብምህላዉ፤ ዓወቱ ከም ጸሓይ ቀትሪ ንኹሉ ብሩህ ኲይኑ ኣሎ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ዕዱማት።
ናይ ሎሚ ምሸት ዕድመ ሽትኡ ንምውህላል ገንዘባዊ ሓገዝ እኳ እንተኾነ እቲ ዓቢ መልእኽቱ ግን ንዅሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ብጾት ተጋደልቲ ነበርን፤ ብጠቕላላ ህዝቢ ኤርትራን ካልኦት ዜጋታትን

ተድናገጽትን ከምዚ ትገብርዎ ዘሎኹም ንምግባር ዘለዓዕልን ዘባራብርን ምኽኣኑ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ክንገልጸልኩም ንፈቱ።
ዓወታቱ ከኣ ርጉጽ ኢዩ።
ኣብ መደምደምታ ክንብሎ ንደሊ ማሕበርና ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን  ክዳብርን ክሕይልን እንተደኣኰይኑ ኵልኹም በዚ ጀሚርክምዎ ዘለኹም ብንጹህ ድልየትኩም ተመዝጊብኩም ኣባላቱ ኰንኩም ንዕላምኡ ኣብ ሽትኡ ከተብጽሕዎ ንላቦ።
ሎሚ ምሸት ምኡዝ ድራርን፤ ሰናይ ዕላላትን ፤ ክኾነልኩም እንዳተመኔና ጺን ኢልኩም ዝሰማዕኩምኒ የቐንየለይ። ክሳብ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት እንራኸብ ከኣ ሰናይ ቅነ።

ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ፥
ናይ ህዝባዊ ስርርዕ ሓላፊ፤
ሓውኹም ኣፈወርቂ ኣባይ፡ ሃገረ - ጀርመን።

ASSOCIATION OF DISABLED ERITREANS
(A.D.E.) (ኤ.ማ.ኣ.ጽ.)
ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን

31.01.2009

AFEWERKI ABBAY - Human Relations Office- Gerhard H/Mann Ring 410 –60439 Frankfurt 50 - GERMANY -Tel 0049. 069 588368 - e mail: aaaratt7@yahoo.com